ዜና 25 ጥቅምቲ፡ 2007

## ኮምሽን ዶብ ኣብ ጸብጻቡ ብሰንኪ ዘይምትሕብባር ኢትዮጵያ ስርሑ ከሳልጥ ኣይከኣለን ክብል ሓቢሩ ትብል ኤርትራ

ኤርትራ ኣብቲ ብሻባይት ዝፍለጥ መርበብ ሓበሬታኣ ኣብ ዝፈነወቶ ሓበሬታ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሰደዶ ደብዳበ ብምኽንያት ኢትዮጵያ ምስ ትግባረ ምሕንጻጽ ዶብ ዘይምትሕብባራ ነቲ ናይ ምሕንጻጽ ዶብ ስርሑ ከሳልጥ ክመዘይከኣለ ሓቢሩ ትብል፡፡ኣብቲ ዜና ብተወሳኺ እቲ ብዕለት 23 ናይዚ ወርሒ'ዚ ብኮሚሽን ዶብ ዝተሰደ ጸብጻብ፡ኤርትራ እቲ ኮሚሽን ዶብ ዝጠልቦ ነጥብታት ከምዘማለኣትን፡ብኣንጻሩ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ ኣርእስቲ ወጻኢ ዝኾኑ ቅድመኹነታትን ጠለባትን ብምምጻእ ምሕንጻጽ ዶብ ንኸይትግበር ዕንቅፋት ኸምዝኰነትን በዚ ምኽንያት ዶብ ክሕንጽጽ ኸምዘይከኣለን ሓቢሩሎ ክትብል ትገልጽ።

*መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ብኤርትራ ዝወጸ ሓበሬታ ጠዋይ መብርሂ እዩ ብምባል ኣብቲ ብኣገልግሎት ዜና ኢትዮጵያ ዝወጸ መግለጺኡ ትማሊ ሓቢሩ። .*

***ምኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኢትዮጵያ ትማሊ ኣብ ዘውጽኦ ግብረ መልሲ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ብኮምሽን ዶብ ዝተላእከ ጸብጻብ ጠውዩ ዘቕረቦ ዜና እዩ ብምባል ኤርትራ ኣብቲ ቐንዲ ኣርእስቲ፡ማለት ኣብ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ከተተኩር ኣተሓሳሲቡ።***

**እቲ ሚኒስትሪ ብተወሳኺ ኤርትራ ካብቲ ናይ ጸጥታ ዞባ ወተሃደራታ ክትስሕብን ኣብ ልዕሊ ዓቀብቲ ሰላም ናይቲ ተልእኾ ትገብሮ ዘላ ማዕቀባታት ከተልዕሎን ጸዊዑ'ሎ።እቲ ሚኒስትሪ፡ ኤርትራ ነዚ ነጥብታት ኸየተግበረት ምሕንጻጽ ዶብ ኸምዘይትግበር ሓቢሩ'ሎ።ብተወሳኺ እቲ ኣብ ዕስራ ሰነ ናይ ዚ ዓመት'ዚ ናብ ኤርትራ ዝለኣኾ ደብዳቤ ኤርትራ መልሲ ኸምዘይሃበትሉን ኤርትራ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ኣወንታዊ መልሲ እንተዘይሂባትሉ ኢትዮጵያ ሕጋዊ ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ኣማራጺታት ኸምዘለዋ ይገልጽ።**